ናይ ሽወደን
ቤት ትምህርቲ
ንሓደስቲ መጻኢቲ

Tigrinska

ን1-6 ዝዕድመኦም ደቅኻ

# ቅድመ ትምህርትን ናይ ህጻናት ክላስን



Skolverket


EFGH
IJKL
MNOP
QRS

# እዚ ናይ ሽወደን ቤትትምህርቲ እዩ




ካብቲ ውላድካ 1 ዓመት ዝመልኣሉ እዋን ጀሚሩ ናብቲ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ኪኸይድ ይኽእል። ኣብኡ ጸወታ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ህጻን 6 ዓመት ምስ መልአ ናብ ናይ ህጻናት ክላስ ኪኣቱ ይኽእል። ቅድመ ትምህርትን ናይ ህጻናት ክላስን ወለንታዊ እዩ።

ደቂ ኣስታት 7 ዓመት ምስ ኮኑ ኩሎም ህጻናት ናብ መባእታ ቤትትምህርቲ ይኸዱ። ናይ ትምህርቲ ግዴታ ካብ 1 - 9 ዓመተ - ትምህርቲ ማለት 9 ዓመት የጠቓልል።

ብድሕርዚ መብዛሕትኦም መንእሰያት ንሰለስተ ዓመት ናብ 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ይኸዱ። ሓደስቲ መጻእቲ ኮይኖም ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም፣ ዕስራ ዓመት ምስ መልኡ ቅድሚ ናይ ቀውዒ ሰመስተር 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ኪጅምሩ ይኽእሉ። ሓተትቲ ዕቑባ ኸኣ ቅድሚ 18 ዓመት ምምላኦም። ግን ብቑዕ ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ድማ የድሊ። 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ንዩኒቨርሲቲን ንኮለጅን የዳሉ፣ ወይ ከኣ ብቐጥታ ስራሕ ንምጅማር ይጠቅም

# መንዮም ናብ ቤትትምህርቲ ህጻናትን ክላስ ህጻናትን ዚኸዱ?

**ትሰርሕ ወይ ትምሃር ዲኻ?** ስለዚ ውላድካ ካብ ሓደ ዓመት ጀሚሩ ምሉእ መዓልቲ ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ ኪውዕል ኣለዎ። እዚ፣ መሰል እዩ። ዘይትሰርሕ ወይ ዘይትምሃር ምስ እትኸውን ውላድካ ካብ ሰለስተ ዓመት ጀሚሩ ንመዓልቲ ንገለ ሰዓታት ኣብቲ ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ ኪውዕል ኣለዎ።

እቲ ህጻን 6 ዓመት ምስ መልአ ናብ ናይ ህጻናት ክላስ ኪኸይድ መሰል ኣለዎ። እዚ፣ ነቲ ግዴታዊ ትምህርቲ ወለንታዊ መዳለዊ እዩ። እቲ ህጻን ኣብቲ ቤትትምህርቲ ወይ ኣብ ጥቓኡ ዘሎ ህንጻ እዩ ንመዓልቲ ኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዚጸንሕ። ትሰርሕ ወይ ትምሃር ምስ እትኸውን እቲ ህጻን ነቲ ተሪፉ ዘሎ መዓልቲ ኣብቲ ናይ ዕረፍቲ ገዛ ከሕልፎ ይኽእል እዩ።

እቲ ህጻን ናብ ቅድመ ትምህርቲ ወይ ናብ ናይ ህጻናት ክላስ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ እዩ ዚኸይድ። ቀዳምን ሰንበትን በዓላትን ግን ናጻ እዩ።

**1** ዓመት **3** ዓመት **6** ዓመት **7** ዓመት



ናይቶም ዝሰርሑ ወይ ዚመሃሩ ወለዲ ህጻን

ኩሎም ህጻናት ኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ (ሓፈሻዊ ቤትትምህርቲ ህጻናት)

ኩሎም ህጻናት (ናይ ህጻናት ክላስ)

ቀንዲ ትምህርቲ ይጅምር

# ክንደይዩ ዋጋኡ?

ውላድካ ሰለስተ ዓመት ምስ መልአ ኣብቲ ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሰዓታት ኪጸንሕ ከሎ እትኽፍሎ ዋጋ የልቦን። ይኹንምበር ውላድካ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ምምልኡ ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ  ምስ ዚህሉ ወይ ውላድካ ኣብቲ ቦታ ካብ ሰለስተ ሰዓታት ንላዕሊ ኪጸንሕ ምስ እትደሊ ይኽፈሎ እዩ።ናይ ዋጋ መጠን ዚትምን እቲ ናትካ ኮምዩን እዩ። ኣብ ናይ ህጻናት ክላስ ምኽድ ኣይክፈሎን እዩ።

ዝለዓለ ምዱብ ዋጋ

0:-

0:-



ቅድመ ትምህርቲ 1 - 6 ዝዕድመኦም
ኸቲ ኮምዩን ነቲ ክፍሊት ይውስና



ሓፈሻዊ ቅድመ ትምህርቲ 3 - 6 ዝዕድመኦም
ንሰለስተ ሰዓታት ክፍሊት የብሉን



ናይ ህጻናት ክላስ 6– - 7 ዝዕድመኦም
ዚኽፈል የልቦን

# ዕላማ ቤትትምህርቲ ህጻናት

ቅድመ ትምህርቲ ብቐጻምነት ንናይ ውላድካ ዕብየትን ምስ ካልኦት ህጻናት ንኽራኸብን ተባሂሉ እዩ ቆይሙ። ከምኡውን ንኣኻ ንኽትሰርሕን ንኽትመሃርን ተኽእሎ ይህበካ።

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ጸወታ ንምዕባለን ምህሮን ህጻናት ኣገዳሲ እዩ። ህጻናት ብምዝማርን ብምስዕሳዕን ብምስኣልን ብምልካይን ሓሳባቶም ኪገልጹ ይፍትኑ።

ቋንቋውን ኣገዳሲ እዩ፣ ቋንቋ ሽወደንን ናይ ኣደታቶም ቋንቋን። ከምኡውን ናይ ብሕቶም ባህሊ።

ቅድመ ትምህርቲ ውሑስን ኣዘናጋዕን ትምህርታውን ኪኸውን ይኽእል። እቲ ትምህርቲ ኣብ ናይ ኩሉ ወድሰብ ማዕረ ክብርታት ከምኡውን ኣብቲ ኣወዳትን ኣዋልድን ንኺምዕብሉ ማዕረ ተኽእሎ ኣለዎም ዚብል መትከል እተመስረተ እዩ።

# ዕላማ ክላስ ህጻናት

ውላድኪ 6 ዓመት ምስ መልአ፣ ናብ ክላስ ህጻናት ኪኸይድ መሰል ኣለዎ። ዕላማ ክላስ ህጻናት ነቲ ናይ ተመሃራይ ምዕባለን ምህሮን ንምብርታዕን ንቐጻሊ ትምህርቲ ንምድላውን ከምኡውን ናይቲ ህጻን ስኒታዊ ምዕባለ ንምቕዳምን እዩ። ጸወታን ፈጠራን፣ ናይቲ ንጥፈታት መሰረታዊ ክፍሊ እዩ። እቲ ትምህርቲ ኣብቲ ኩለንትናዊ ናይቲ ተመሃራይ ኩነታትን ድሌታቱን እተመስረተ እዩ።




# ግላዊ ወይስ ኮምዩናዊ ቤትትምህርቲ ህጻናት?

እቲ ኮምዩን እዩ ንውላድካ ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ ቦታ ናይ ምርካብ ሓላፍነት ዚወስድ።

ንስኻ ንውላድካ ኣብቲ ቅድመ ትምህርቲ ቦታ ከም እትደሊ ነቲ ኮምዩን ትሕብሮ፣ እቲ ኮምዩን ድማ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ቦታ ኪረኽበሉ ግዴታ ኣለዎ፣ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ኣብ ጥቓ መንበሪ ቤትካ።

ኣብ መንጎ ናይቲ ኮምዩን ቅድመ ኣብያተትምህርትን ግላዊ ኣብያተትምህርትን ክትመርጽ ትኽእል። እቲ ግላዊ ቤትትምህርቲ ብወለዲ፣ ብሰራሕተኛታት ከም ኩባንያ ኪመሓደር ይከኣል። እቲ ጠለባት ኣብ ኩሉ ሕደ እዩ፤ ውላድካ ውሕስነት ንኺስምዖን ብጽቡቕ ንኺተሓዝን ሓላፍነት ዚወስድ ድማ እቲ ኮምዩን እዩ።

# ንስኻ ኣድላዩ ኢኻ

ቅድመ ትምህርትን ክላስ ህጻናትን ንውላድካ ተባሂሉ እዩ ኣብኡ ዘሎ። መዓልታዊ ርክብ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እቲ ናይ ክላስ ህጻናት መምህር ኮነ ካልኦት መምህራን ንውላድካ ከተምጽኦን ክትወስዶን ከሎኻ ብዛዕባ ኩነታቱ ኪነግሩኻ እዮም። ንስኻውን ነቲ ብዛዕባ ውላድካ እትፈልጦ ንገሮም። ገለ ዘተሓሳስበካ ነገራት እንተሎ ድማ ሕተት።

ኣብ ዓመት ገለ እዋናት ብዛዕባ ኩነታት ውላድካን ምዕባለኡን ንምዝታይ ምስቶም መምህራን ክትራኸብ ኢኻ። ኣብቲ ምስ ወለዲ ዚግበር ኣኼባ ድማ ምስ መምህራንን ካልኦት ወለድን ብምርኻብ ብዛዕባ ንጥፈታትን እንታይ ኪትለም ከም ዘለዎን ክትመያየጥ ኢኻ።



Den svenska skolan för nyanländа

**Beställningsuppgifter:**
Fritzes kundservice
106 47 Stockholm
Telefon: 08-690 95 76
E-post: skolverket@fritzes.se
www.skolverket.se

**Beställningsnr:** 15:1465
**ISBN:** 978-91-7559-179-7

**Bilder:** Folio, Michael McClain,
Matton, Johnér, iStock
**Illustratör:** Helena Halvarsson

**Grafisk form:** Jupiter Reklam
**Grafisk produktion:** Space360
**Översättning:** Space360
**Tryck:** Lenanders Grafiska, 74088

Skolverket

skolverket.se/nyanlanda